# ሓቂ

ኣንቱም ሰባት !
እዛ ሓቂ ፡ ኣፍ ኣውጺኣ ተዛሪባ
ርሒቑ ዝነበረ ፡ ኣምጺኣ ኣብ ቀረባ
ንሰማይ ዝተሰቕለ ፡ ኣውሪዳ ኣብ ባይታ
ኣብ ምዓሙቕ ዝተቐብረ ፡ ስሒባ ንዋናታታ
ንምኩሓት ኣኽርዲዳ ፡ ንተበለጽቲ ኣፍዚዛ
ንሓሰውቲ በቲና ፡ ጉዶም ቀላሊዓ
ኣየ'ወ ! ሓቂ ተዛሪባ ፡ እዛ ርስቲ ናይ ኤርትራ
እንሄትለ'ዶ ጽምእና ኣርውያ ፡ ኣብኩሉ ዓምቢባ ፡

ኣብ ጎቦ ኣዳል ፡ ንኽትስወድ ተቦኪራ
ኣብቲ ዘይድፈር ፡ ኩሩዕ ናይ ጀጋኑ ታባ
ኣብ ዕርድታት ሳሕል ፡ ተቢዓ በሊሓ
ንገባብል ፡ ኣራእሶም ኮምቲራ ፡ ቀናጂሓ
ንሓሹል ወዲሓሹል ፡ ንሕፍረት ኣቃሊዓ
ኣየወ ! ሓቂ ኣፍ ኣውጺኣ ፡ ተዛሪባ
ንደመኛታት ፡ ብኣለትኦም ሰስሒባ ሓኒቓ ፡

እዛ ሓቂ ዝብልዋስ ፡ ቀንዲ መፈጠራ
ወነንታ እዞም ጀጋኑ ፡ ደቂ ኤርትራ
ንሓቂ ዝሰፍሩ ፡ ብወርቂ መስፈራ
ንሓቂ ዝስውኡ ፡ ከይትረግጽ ዓፍራ
ሓቂ እንሄትለ ፡ ኣብ ኣፍሪቃ ተቦኲራ
ንውጹዕ ክትጣበቕ ፡ ነቒላ ካብ ኤርትራ
ንዓለም ክትዞራ ፡ ኣኽናፉ ገቲራ ፡

ሓላል ህዝቢ'ዩ ፡ ጅግና ኣቦ ብልሒ
ጽሩይ ማይ ዘፈልፍል ፡ ነዲሉ ከውሒ
ቅንዕና እምበር ፡ ኣይናቱን'ያ ተንኮል ጉርሒ
ብርሃኡ'ዩ ዝነበር ፡ ኣይኮነን መጋውሒ
ህዝቢ ኤርትራ ፡ ድምቀቱ ክንዲ ጽሓይ ወርሒ ፡

ኣማን ብኣማን !
ህዝቢ ኤርትራ ፡ ናይ መሰሉ ዋሕስ !
ንስኻ መሪሕ ፡ ንስኻ ታሪኽ !
ንስኻ ደጀን ፡ ንስኻ በሪኽ !
ንስኻ ፋና ፡ ንስኻ ጥዋፍ !
ንስኻ ሰረት ፡ ንስኻ ምዕራፍ !
ንስኻ ድርዒ ፡ ንስኻ ዋልታ !
ንጅግንነትካ መስኪራ ፡ ዓለም ብምልእታ ፡

ናይ ትማሊ ኣትማን ፡ ናይ ዘመንና ገባብል
ሎሚ እንተደወሉ ፡ ናይ ሓዘን ቃጭል
ንመን ከታልሉ ፡ መን'ሞ ክደናገር
ኣምባርን ዲኖን ፡ ምስ ወደየት ሃገር
ኣልማዝን ወርቅን ፡ ምስተሰፍረ ብኽፈር
ሓላዊኣ እዚ ጅግና ህዝቢ ፡ ናይ ቃልሲ በሃር ፡

እዚ ቀናእ ሰይጣን ፡ ምስወረደ ካብ ስልጣን
ውሃ እዩ ዝቖጽሮ ፡ ነቲ ዝርጋን ዕብዳን
ኣእማን ይድርቢ ፡ ይቖድድ'ውን ክዳን
ንበለጽ ምስኣዋደደ ፡ ንሓቂ ፈጺሙ ኣይፈልጣን፡

*ድርሰት ብመድሃኔ ተስፋኣለም 17.01..2010. Friedberg Germany*

# ሓቂ

ኣብ ውሻጠ ምዓሙቕ ፡ ምእዋጅክን  እገዳ
ንሓቂ ቀቢርክን ፡ ሓሶት ከተሞንጉዳ
ቁርባበሻኽን ድኣ'ሞ ፡ እንሄትለን'ዶ ተቐዲዳ
ነዚ ክትብላዶ ፡ ርሂጽክን ትግዕታ
ንእከይ ተግባርክን  ፡ ቀደም ኢና ንፈልጣ ፡

ንዝወረሩ ንዝሰገዱ ፡ ክትውድስ ኣጉል ምርቓ
ደቆም ብዶላር ዝሸጡ ፡ ተገላቢጦሽ ምጥቓዓ
ብነብስና ክንሓድር ንዝበሉ ፡ ኣብ ክሳዶም መሾንቆቓ
ኣንታ እዛ ዓለምና ፡ ንቑልቁል ምንድልሃጻ
ካብ ሓቂ ክትሃድም ፡ ተደዊኑ ገጻ
እገዳ ኢላ ምድራፋ ፡ ዝኣረገ ሙዚቃ
ብሓሶት ትምሕል ፡ ናይ እንዳማታ ሰሪቓ ፡

እገዳ ! ደርፊ ፡ ናይቶም  ተኻሉ ደመኛታት
ዕሱባት ኣሜሪካ  ፡  መንዛዕቲ መሰል ውጹዓት
ኩዒቶም ክቐብሩ ፡ ንኤርትራዊ መንነት
ሽዑ'ውን እንተኾነ ፡ እዛ  ናይሎሚ ሕቡራት ሃገራት
ንፍሉጥ ውልቀ ረብሓ ፡ ኒውዮርክ ዝተደኮነት
ንሓቂ  ጠምዚዛ  ፡ ናይ ፈደሬሽን ኩጀት
ጭርጭር ዓበደ ፡ ገበጣ ምኩሓት ፡

ንዝተፈብረኸ ሓንካሪ ውዲት ፡ ኣልዒልና ሻምላና
ንመሰል ርእሰ ውሳነ  ፡ ምቅላስ ዝመረጽና
ብርእሰ መስዋእትነት ፡ ጨቢጥናዮ  ዊንታና
ንኮራኹርን ዓንገልቶምን ፡ ስዮማይ ኣቢልና
ብድርብ ስሕለት ፡ ድርብ ረቢሕና
ናጽነትና ኣውሒስና ፡ ነብስና ክኢልና ፡

ስዒርና ዝቐበርና ፡ ንናይ ትማሊ እገዳ
ናይ ሎሚ'ውን እንተኾነ ፡ ዕርቃኑ ኣውጺእና
ኣበይከ ፈልከት  ፡ ኣደልዲልና ዝረገጽና
ምረሻ'ዩ ንቕድሚት ፡ ክንህሉ ሰሲንና ፡

በልሉ ድኣ ፡ ነታ ብሃሊቱ
ዕሱባት ከቲቡ ፡ ዝሰርቕ እንዳማቱ
ንሕናስ ፈሊጥናዮ'ለና ፡ ኣንፈት መንገዱ
ንሓቂ ተሞርኪስካ ፡ ምኽሻሑ ነቲ ጉዱ ፡

ግብረ ሽበራ ዝበለት ፡ ባዕላ ፍዒላቶ
ዝትኣከበ ትፍንጥሕ ፡ መስተር ዘራጊቶ
ዝተነድቀ ተፍርስ ፡ ናይ ሓሶት መናፌስቶ
ቀርሰና ዝደርፋ ፡ ባዕላ መስሪታቶ
መጻወቲ  ጋዶ  ፡ ናይ ኒውዮርክ ባይቶ ፡

ፖለቲካዊ ንድየት'ዩ ፡ ሃተውቀጠው
ንህንጸተ ሃገርና ፡  መን'ዩ ዘብለና ጠጠው
እዞም ሓንኳላት እንተበሉ ዘዘውመዘው
ኤርትራስ ተወንጪፉ እያ ፡ ንበሎም ቦው ቦው ፡

*ድርሰት ብመድሃኔ ተስፋኣለም 17.01..2010. Friedberg Germany*

# ሓቂ

ስያመ እገዳ ፡ ዳግማይ መግዛእቲ ንኣፍሪቃ
ሃገራት ምብትታን ፡ ብሶማልያ ፈሊጃ
AFRICOM ጠፋጢፉ ፡ ክሳብ ዓንቀሩ ኣዕጢቓ
ዝነደዩ መራሕቲ ፡ ንጥፍኣት ነዲቓ
ፍሽለታ ተጋሂዱ ፡ እዛ ዓባይ ኣሜሪካ ፡

እንተ ንሕና ፡ ናህሪ ቃልስና መሊሱ ዛይዱ
ሓድነትና ፡ ጠጢዑ ፡ ከም ረባዕ ሰዊዱ
ተንኮላቶም በናጢሱ ፡ ክሳውዶም ኣኸንዲዱ
ምግራህ የለን ፡ ኣጽኒዕናዮ'ና መንገዱ ፡

ጉዕዞና ብቐትሪ ፡ መኸተና ብስምሪ
ንህላዌና ዝተኸልና ፡ ከፊልና ዕምሪ
ሕጂ'ውን ሉጋምና ነኽርር ፡ ንምኩሕ ዓንዳሪ
ኣሎና ኣብመሬት ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ባሕሪ
ተውለ ብቐንዱ ፡ ኤርትራዊት እዛ ሓራስ ነብሪ ፡

ሒማኞ ሕማም ፡ ካብ ሞት ነይሓልፍ
ኤርትራዊ ንኸስ ፡ ካብ ብጻይካ ከይትተርፍ
ሰስርናዩ መሚኻ ፡ ክርዳዱ ንጉሓፍ
ዕርፊ ኣጽንዕ ፡ ማሕረሻ ከይሰፍል
ሪምካ ሓሉ ፡ ነቒሕካ ብመትከል
ወናኒኣ ባዕልኻ ፡ ናይ ሓቂ ማህደር ፡

ብቓልስኻ ፡ ዝወረኞካ መዛግብ ታሪኽ
ኣብነት ውጹዓት ፡ ዝደየብካ ኣብ በሪኽ
መስተውዓሊ ኢኻ ፡ ኣእምሮኻ ሰፊሕ
ዓወት ዝልማድካ ፡ ናይ ሓቂ መሪሕ ፡

ክብርታትካ ዓቂብካ ፡ ኣለኹ በሎም
በቲ ዕቱብ ገጽካ ፡ ኣናዚዝካ ድሃሎም
ምህላውካ ፡ ዳግማይ ክስቈሮም
ንጀጋኑ ሰማእቲ ፡ ብተግባርና ነቕስኖም ፡

ሞትን ስዕረትን !

ነቶም ንክንነብር ዘይደልዩና ተጻባእትን ተበለጽትን ፡

ዘልኣለማዊ ክብር ዝኸርን ንሰማዕታትና !

ዓወት ንሓፋሽ !

ድርሰት ብመድሃኔ ተስፋኣለም *17.01..2010. Friedberg Germany*